ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ ማይ ከተማ ፍረወይኒ ንኮምፕተራይዝ ኣካዉንቲንግ ሲስተም ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክፅዕንን ከሰልጥንን ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ መጋቢት 12, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 3, 2017 9:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:--
- ቦታ:ፍረወይኒ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 3, 2017 9:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣካውንቲን ተዛማድኡን/ ዕዲጊት ሶፍትዌር/

1 ምስቲ ስራሕ አግባብነት ዘለዎ ናይ 2017 ዓም ፍቃድ ቁፅሪ መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ካርድን መቅረባይነት ዝሐደሰን

2 ግብሪ ከፋሊ መለለይ ቑፅሪ ዘቅርብ

3 ደረጃ 2 ልዕሊኡን ብሞያ ሒሳብ ፍቃድ ዘለዎም

4 ኣበ ተመሳሳሊ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት መስተ ማይ ኣክሮወን ቤዝ አሰራርሓ ሒሳብ ሐደ ግዜን ልዕሊኡን ስልጠና ዝሃበሉ ወረቀት ምስክር ከቅርብ ዝክእል

5 ሰዓራይ ናይ ዝሰዓሮ 10 ሚእታዊ መክበሪ ዉዕሊ ብስፒኦ በምትሓዝ ኣብ ዝተዉሃበ ሰለሰተ ናይ ስራሕ መዓልቲታት ስርሑ ክጅምር ዝክእል

6 ዘእተዉዎ ናይ ሐደ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉን ናይ ድርጅቶም ማሕተሞም ፊርማን ብዘለዎ ብዝተዓሸገ ፖስታ 11/7/2017 ዓም ክሳብ 2/8/2017 ዓም ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልቲ ክዉስዱ ወይ ከእትዉ ይግባእ

7 ጨረታ 2/8/2017 ዓም ሰዓት 9:00 ድሕሪ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 9:30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ ማይ ከተማ ፍረወይኒ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክብሉ ይክፈት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም እንተዘይተረኪቦም ግን ኣብ ዘየለዉሉ ናይ ምክፋት መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

8 ኣብቲ ዝመለእዎ መረዳእታ ሽም ፊርማ ኣድራሽ ማህተም ክህልዎ አለዎ

9 ብዋና ተመሊኢ ዝመፅእ ጥራሕ ተቀባልነት ይህልዎ

10 ተጫረቲ ዋና ቅዳሕን ፈልዩም ከቅርቡ አለዎም

11 ዝርዝር ናይ ጨረታ መምርሒ ምስ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ ማይ ከተማ ፍረወይኒ ቢሮ ቁፅሪ 4 ሚኢቲ 100 ቅርሺ እናዓደጉ ክወስዱ ይክእሉ እዩም

12 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle